“ኩሎም ቆልዑ ኣብ
ኩሉንዕኦም ዝትንክፍ ነገራት
ክስምዑ መሰሎም እዩ።”

- ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ውዕል ቆልዑ -



# ጽሑፋዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ሸምግልና ስድራቤት

# ትሕዝቶ

5 ኣኼባ ሽማግለ ስድራቤት እንታይ እዩ
7 ሽማግለ ስድራቤት መዓስ ክትጥቀመሉ ትኽእል
9 ሕቶታት ብዛዕባ ሽማግለ ስድራቤት
11 መን ይሳተፎ
13 ኣወሃሃዲ
15 ሰብ ሞያ ኣብ ሽማግለ ስድራቤት
17 መስርሕ ቅድሚን ኣብ ግዜ ኣኼባ ሽማግለ ስድራቤት
19 ምክትታል ሽማግለ ስድራቤት
21 ደጋፊ ሰብ፣ ናይ ቆልዑ ሰማዒት ባንቡላ
23 ዝያዳ ክትፈልጥ ትደሊ

”ቅድሚ ውሳኔ ኩሎም ሰባት ሓሳባት
ክገልጹ ዕድል ክረኽቡ ኣለዎም፡፡”



# ሽማግለ ስድራቤት እንታይ እዩ፧

. ሽማግለ ስድራቤት ኩነታት ቆልዓ ኣጸጋሚ እዩ ዘሎ እንተተባሂሉ ኣገዲስቲ ውሳኔታት ዝውሰነሉ ኣኼባ እዩ። ሓደ ቆልዓ ሓገዝ ከድልዮ ከሎ ፍታሕ ክትረኽበሉ ጽቡቑ ኣገባብ ክኾውን ይኽእል። ሽማግለ ስድራቤት ወለንታዊ ኮይኑ፣ እታ ስድራቤት ባዕላ ወይ ስራሕተኛታት መንግስቲ ተበግሶ ክወስዱ ይኽእሉ ሽምግልና ስድራቤት ንኽካየድ። ኣብዚ ጽሑፍ እዚ ሽምግልና ስድራቤት ብኸመይ ዓይነት መገዲ ከምዝካየድ ክሕበረካ እዩ። እዚ ኣገባብ ኣሰርራርሓ ብብዝሒ ዝጥቀሙሉ ተሓለቑቲ ቆልዑ ኮይኖም፣ ግን ኣብ ካልኦት ኣገልግሎታት ውን ብብዝሑ ይጥቀሙሉ ኣለዉ።

“ሚና ናብ ቤት ትምህርቲ ብእዋኑ
ክትመጽእ እንታይ እንታይ ክግበር ኣለዎ፧”



# ሸምግልና ስድራቤት መዓስ ክትጥቀመሉ ትኽእል፧

. ሸምግልና ስድራቤት ኣብ ብዙሕ ዝተፈላለየ ኩነታትን ክትጥቀመሉ ትኽእል፣ ከምኡውን ንኣብ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ቆልዑ። ቆልዑን ስድራቤትን ኣብ ሸምግልና ስድራቤት ድሕሪ ምስታፎም መብዛሕትኡ ግዜ ንካልኦት ኣብ ሸምግልና ስድራቤት ክሳተፉ ይመኽሩ እዮም።

**ሸምግልና ስድራቤት ኣበየናይ ኣጋጣሚታት ክፍጸም ከምዝከኣል ዘርኢ ኣብነታት**

- ኣብ መዓልታዊ ሂወት ኣብ ኣጸጋሚ ኩነታት፣ ንኣብነት ኣብ ግዜ ዕረፍቲ ወይ ኣብ ቤት ትምህርቲ
- ቆልዑ ኣብ ትካል ክቐመጡ ከለዉ ወይ ካብ መቐመጢ ትካል ክግዕዙ ከለዉ
- ኣብ ህጹጽ ኩነታት ተሓለቐቲ ቆልዑ ኣብ ሓጺር ግዜ ስጉምቲ ክወስዱ ዝግደዱሉ ኣጋጣሚታት
- ዝሓሸ ሓባራዊ ርክባት ከምዝካየድ ንምግባር
- ቆልዓ ጡብ ቤት ክድልዮ ከሎ

## ንሚና መን ናብ ኲዕሶ ከብጽሓ እዩ፧

ሚና ኣብ መንጎ ባባን ማማን ክትመላለስ ከላ
መሓዙት ብዘይምኺኖም ኣጸጋሚ ኮይኑ ይስመዓ።
እዚ ኩነታት ብኸመይ ንሚና ከነመሓይሽላ ንኽእል፧

## ሮብን አዋን ኣብ ገዛ ክቐመጡ ኣይክእሉን እዮም፧ ኣበይ ክቐመጡ እዮም፧

ሮብ ካብ ጡብ ቤት ክግዕዝ ደልዩ፧
እንታይ ክንገብር ኣለና፧

# ሕቶታት ን ሸምግልና ስድራቤት

ነዊሕ ግዜ ቅድሚ ኣኼባ ሸምግልና ስድራቤት እቲ ቆልዓ ወለዲ/ኣለይቲ ምስቲ ንመንግስቲ ዝውክል ተሓባባሪ ኣካል ብምትሕብባር ንሸምግልና ስድራቤት ሕቶታት የዳልዉ። ሓንሳብ ሓንሳብ ውን ንኣኼባ ሸምግልና ስድራቤት ኣብ ግዜ ምድላዋት ሓደሽቲ ሕቶታት ውን ክመጻልካ ይኽእል እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ኣርባዕተ፣ ሓሙሽተ ሕቶታት እኹል እዩ። እቲ ሕቶታት ነቲ ቆልዓን ነቲኦም ዘዳልዉዎን ኣገዳሲ ኮይኑ ክስምዖን እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ።



ማማ ሚና ፓፓ ዩሩን መምህር



ተሓዚ ጉዳይ ጉናር ሙና ትሩልስ ሀልጋ

# መን ይሳተፍ፧

እቲ ቆልዓ ምስ ወለዱ ወይ ኣለይቱ ብምትሕብባር እዩ ዝውስን መን ኣብ ኣኼባ ሽምግልና ክሳተፍ ዝኾነ ወይ መን ክዕደም ከምዝኾነ። ኣባላት ስድራቤት፣ ኣዝማድ፣ መሓዙት፣ ጎረባብቲ ወይ ካልኦት ኣገደስቲ ሰባት ክኾኑ ይኽእሉ። እቶም ዝሕተቱ መብዛሕትኦም ዝጥዕሞም እንተኾይኑ ይመጹ እዮም። ርሕቀት ጉዕዞ ወይ ካልእ ነገራት ብኣካል ምስታፍ ዘጸግም እንተኾይኑ ከኣ ብተሌፎን፣ ኢመይል፣ ስካይፕ ወይ ደብዳቤ ምስታፍ ይከኣል።

**እዚኦም ብዙሕ ግዜ ይሳተፉ**

- ቆልዓ
- ወለዲ/ኣለይቲ። ክሳተፉ ዘይደልዩ እንተኾይኖም ንሶም ከይሃለዉ ኣኼባ ሽምግልና ስድራቤት ክካየድ ፍቓድ ክህቡ ይኽእሉ።
- ኣባላት ስድራቤት፣ ኣዝማድ፣ መሓዙትን ካልኦትን እቲ ቆልዓ ወይ ወለዲን/ኣለይትን ክዕድምዎም ዝደልዩ።
- ኣወሃሃዲ ነታ ስድራቤት ኣኼባ ሽምግልና ስድራቤት ክምድብን ክፍጽምን ዝሕግዝ።
- ቆልዓ ወለዲ/ኣለይቲን መንግስታዊ ተሓባባሪ ትካልን (ንኣብነት ተሓለቕቲ ቆልዑ) ክሳተፉ ዝደልይዎም ሰብ ሞያ።



# ኣወሃሃዲ

ኣወሃሃዲ ንሽምግልና ስድራቤት ኣብ ምድላውን ምፍጻምን ነታ ስድራቤት ትሓባበር፡፡ ኣወሃሃዲ ነጻ ኣካል ኮይኑ ብዛዕባ ታሪኽ ናይታ ስድራቤት ኣፍልጦ የብሉን፡፡ ንሱ ወይ ንሳ ኣብቲ ጉዳይ ዝኾነ ነገር ክውስን ኣይክእልን፣ ግን ነታ ስድራቤት ቅድሚ ሽምግልና ስድራቤትን ኣብ ግዜ ሽምግልና ስድራቤትን ዝካየድን ይተሓባበር፡፡

መብዛሕትኦም ኣወሃሃድቲ መዓልታዊ ዝሰርሕዎ ካልእ ስራሕ ኣለዎም፡፡ ናቶም ናይ ሓባር ረቛሒ ምስ ሰባትን ሽምግልና ስድራቤትን ክሰርሑ እዮም፡፡

**ዕማማት ኣወሃሃዲ**

- ምስ ቆልዑን ስድራቤትን ብሓባር ኮይንካ መነ መን ክሳተፉ ከምዘለዎም ምፍላጥ፡፡
- ንሽምግልና ስድራቤት ዝምልከት ግብራዊ ነገራት ምትሕሓዝ
- ነቶም ኣብ ኣኼባ ዝሳተፉ ዓዲምካ ምዝርራብ ምእንታን ክዳለዉ፡፡
- ናይቲ ቆልዓ ደጋፊ ሰብ፣ ኣላዪ ዘረባን ጸሓፊን መን ክኾውን ከምዘለዎ ምፍላጥ፡፡
- ኣብ 1ይክፋልን3ይክፋልንኣኼባሽምግልና ስድራቤትመራሒኣኼባምኳን፡፡
- ናይታ ስድራቤት መደብ እንታይ ከምዝኾነ መልእኽቲ ምትሕልላፍ፡፡



# ሰብ ሞያ ኣብ ሽምግልና ስድራቤት

ሰብ ሞያ ነቲ ቆልዓን ስድራቤትን ዝፈልጡዎም ኣብቲ ቀዳማይ ክፋል ናይ ሽምግልና ስድራቤት ይሳተፉ። ቆልዑን ወለዲን መን ክሳተፉ ከምዝኾኑ ኣብ ምውሳን ይሳተፉ። ከም ኣብነት መብዛሕትኡ ግዜ ክሳተፉ ዝዕደሙ ሰራሕተኛታት መዋእለ ህጻናት፣ ቤት ትምህርቲ፣ ኣገልግሎት ጥዕና፣ ኣገልግሎት ምህሮን ስነ-ልቦናን፣ ቤት ጽሕፈት ምኽርን ማዕዳን ስድራቤት ፣ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ወይ ካልኦት ነቲ ቆልዓ ዝፈልጡዎ ወይ ብዛዕባ ኩነታት ናይቲ ቆልዓ ገለ ክብሉ ዝኽእሉ።

ሓበሬታ ካብ ሰብ ሞያ ኣገዳሲ እዩ ምእንታን እታ ስድራቤት ዝበለጸ መደብ ክትሕንጽጽ። ዝሳተፉ ሰብ ሞያ ኣብ ኣወንታዊ ሸነኻት ከተኩሩ ለበዋ ይግበረሎም ሽሕ ኳ ጸገማት እንተሃለወ። ትሕዝቶ ናይቲ ዝቐርብ ሓበሬታ ወለዲን ቆልዑን ኣቐዲሞም ፈሊጦሞ ይጸንሑ እዮም። እቲ ሰብ ሞያ ዝህቦ ሓበሬታ ውን ብሓጺርን ጽሑፍን ክርከብ እንተተኻኢሉ ጽቡቐ እዩ፣ ምእንታን እታ ስድራቤት በይና ክትዝቲ ከላ እቲ ሓበሬታ ክትረኽቦ።

“ኣነ እየ ኣኼባ ሸማግለ ስድራቤት ክካየድ ኣለዎ ኢለ ወሲነ። ኣነ ኣበይ ክቕመጥ ከምዘለኒ ንኽንዘራረበሉ ንሱ ዝሓሸ ከምዝኾነ ተረዲኡና።”



# መስርሕ ቅድሚ ሽምግልና ስድራቤትን ኣብ ግዜ ሽምግልና ስድራቤትን

መብዛሕትኡ ግዜ ኣኼባ ሽምግልና ስድራቤት ካብ ዝውሰን ክሳብ ዝካየድ ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሸሞንተ ሳምንታት ይወስድ። ኣብ ህጹጽ ኩነታት ካብዚ ዝሓጸረ ግዜ ይወስድ። እቲ ኣኼባ ኣብ ምቹእ ቦታ ይካየድ።

**ኣኼባ ኣብ ሰለስተ ዝተመቐለ እዩ**

- ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ኣኼባ ኩሎም ተሳተፍቲ ይርከቡ። ሰብ ሞያ ሓበሬታ ይህቡ ምእንታን ጽቡቐ ዝኾነ መሰረት ኣንጺፍካ እማመታት ፍታሕ ክቐርብ።
- ኣብ ካልኣይ ክፋል ናይቲ ኣኼባ ኣባላት ስድራቤት ብሓደ ይዘራረቡ ዝኾነ ንመንግስቲ ዝውክሉ ዘይሳተፍዎ። ኣብቲ ዝግበር ምድላዋት ን ኣኼባ ሽምግልና ስድራቤት መን ደጋፊ ሰብ፣ ኣላዪ ዘረባ ኣኼባን ጸሓፊን ክኸውን ከምዘለዉ ይፍለጥ ምስ ኣወሃሃዲ ብምትሕብባር።
- ኣብ ሳልሳይ ክፋል ናይቲ ኣኼባ ከኣ እታ ስድራቤት ናታ መደብ ተቐርብ። እንተደኣ ጉዳይ ተሓለቐቲ ቆልዑ ኮይኑ ከኣ ተሓለቐቲ ቆልዑ ነቲ ዝቐርብ እማመታት እንታይ ከምዝገብሩ ይውስኑ።

“ምስ ስድራቤትን መሓዙትን
ብዛዕባይ ምዝርራብ ጽቡቕ ኔሩ።
ዝደለኻዮ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ።”



# ድሕሪ ኣኼባ ሽምግልና ስድራቤት ዘሎ ምክትታል

ድሕሪ ሽምግልና ስድራቤት እቲ መደብ ኣብ ግብሪ ይውዕል። ብዘለና ተመኩሮ መብዛሕትኡ ግዜ ንምክትታትል ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ተወሳኺ ኣኼባ ሽምግልና ኣድላይነት ኣለዎ። እቲ መደብ ክግምገም ኣለዎ፣ ሽዑ እቲ ጽቡቕ ዘይከደ ነገራት ክቕየር ይከኣል፣ እቲ ጽቡቕ ዝኸደ ክተዛይድዎ ትኽእሉ።

ስለዚ ሽምግልና ስድራቤት ኣኼባ ጥራሕ ዘይኮነ፣ ግን ምትሕብባር ንምቕጻል ዝካየድ መስርሕ እዩ። ተወሳኺ ኣኼባ ሽምግልና ስድራቤት መዓስ ከምዝካየድ ኣብ ቀዳማይ ኣኼባ እዩ መብዛሕትኡ ግዜ ቆጸራ ዝግበር። ኣብ መንጎ ኣኼባታት ነዊሕ ግዜ እንተዘይሓለፈ ዝሓሸ እዩ።


ሰላማት

# ደጋፊ ሰብን ናይ ቆልዑ ሰማዒ ባንቡላን

ኣብ ኖርወይ ቆልዑ ክስምዑ ከምዘለዎም ብዙሓት ይሰማምዑሉ እዮም፣ ከምኡውን ንሶም ንሂወቶም ዝምልከት ውሳኔታት ተራ ክጻወቱ። እዚ ኣብ ብዙሕ ሕግታት ተወሲኑ እዩ፣ ገለ ካብኡ ሕጊ ተሓለዋቲ ቆልዑ፣ ሕጊ ትምህርቲ፣ ሕጊ ቆልዑን ሕጊ መሰላት ተሓከምቲን።

ቆልዑ ይፈልጡ እዮም ኩሉ ግዜ ድሌቶም ክማላኣሎም ከምዘይክእል፣ ግን ሓበሬታ ምርካብ ኣገዳሲ ከምዝኾነን ርእይቶኻ ከተስምዕ ኣገዳሲ ከምዝኾነን። ኣብ ኣኼባ ሸምግልና ስድራቤት ዝሳተፉ ቆልዑ ሓደ ደጋፊ ሰብ ይመርጹ። መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ደጋፊ ሰብ ሓደ ኣባል ስድራቤት እዩ። ርእይቶ ምሃብ እንተደኣ ኣጸጊሙ እቲ ደጋፊ ሰብ ነቲ ቆልዓ ክሕግዞ ይኽእል።

ገሊኦም ቆልዑ ቀሩብ ምትብባዕ ክድልዩም ይኽእል፣ ከምኡውን ናብ ኣኼባ ሸምግልና ስድራቤት ትሰምዖም ባንቡላ ሒዞም ክመጹ ይደልዩ ይኾኑ። ሰማዕቲ ባንቡላታት ጽን ኢለን ይሰምዓ ንሓሳባትን ሕቶታትን ቆልዑ።. ሰማዒት ባንቡላ ነቲ ቆልዓ መሓዝኡ፣ ደጋፊቱን ሓጋዚቱን እያ ቅድሚ ኣኼባን ኣብ ግዜ ኣኼባን። ሰማዒት ባንቡላ ውን ክትሓቑፋ ጽቡቕ ይስምዖ ዓለም ቀሩብ ዘይውሕስቲ ኮይና ክትስመዓካ ከላ።



# ዝያዳ ክትፈልጥ ትደሊ ዶ፧

መብዛሕትአን ኮሙናት ኖርወይ ብዛዕባ ሽምግልና ስድራቤት ኣፍልጦ ኣለወን፣ እዚ ኣገባብ ኣሰራርሓ ካብ ጉዳያት ተሓለኞቲ ቆልዑ ወጻኢ ውን ይጥቀሙሉ እዩም።

ክልተ ሓጸርቲ ፊልምታት ብዛዕባ ሽምግልና ስድራቤት ተዳልየን ኣለዋ። እዘን ፊልምታት ሽምግልና ስድራቤት ብኸመይ ዓይነት መገዲ ከምዝካየድ የርእያ፣ ብብዙሕ ቋንቋታትውን ተገሊጹ። ፊልምታት ኣብዚ ርኣዩ።
**www.bufetat.no/barnevern/familieraad**

TIBE

Ill: AN-Imation/Anne Kristin Berge

Norwegian Directorate for Children,
Youth and Family Affairs